ተግባር'ዩ ምስክር።

ሰብ እንተለዎ ብቕዓት ቁም-ነገር

ብኣፍ ብጆህራ ዘይኮነ ብተግባር'ዩ ዝስፈር

ኣምስሉ ከይከውን ከይህልዎ ኣበር

ብህዝቢ'ዩ ዝምዘን ተግባር'ዩ ምስክር።

ሓደ ካብ ብዙሓት ፍሩይ መሲሉ እተቐረበ

ልክዑ ምፍላጥ ስኢኑ ብኣነነት እንተዘቕበበ

ጸረ-ህዝቢ ክንሱ ብመን ከማይ እንተዓበደ

ተግባሩ ምስክር'ዩ ሕልናኡ ናይ ዘዕረበ።

መን ከማይ በሃሊ ምኩሕ

ብዘይ ክሲ ብዘይ ሕጊ ዝመቁሕ

ኣብ ደሞክራሲ ዝድንቁር ኣብ ክፍኣት ዝነቅሕ

ሓድነት ዘሪጉ ምፍልላይ ዝጫጭሕ።

መን ከማይ ክብል መን ከማኻ ክበሃል

ስሙ ብዘይግብሩ ብናእዳ ክለዓል

ኣብ ኩሉ ዝግበር ሃገራዊ በዓል

ገፍፍ እናበለ ከም ዝሓዘቶ ዓባይ ሰዓል

ብሆታን ዕልልታን መጋበርያታቱ ክብረ ዝናኡ ክለዓል።

ሓደ ሰብ ልዕሊ ህዝቢ ክኸውን ልዕሊ ሕጊ

ብትምክሕቲ ሰኺሩ ከመሓድር ብሓለንጊ

ተኸቢሩ ክነብር ቀቢሩ ህዝባዊ ባህጊ

ክመክን'ዩ ዘለዎ ብሓይሊ ሕጊ።

መንነት ዘጥፍኡ ዘይብሎም ቀልቢ

ኣንጊሁ ዝኣተዎም ፖለቲካዊ ሓቢ

ጸሎት ዝገብሩ ናብ ኣምላኽ ናብ ረቢ

ኢሳያስ ክኾነሎም ልዕሊ ህዝቢ

ካብ ቀታሊ ምሕረት ዝጻበዩ ከም መንቀልወጢ ከልቢ።

ብተግባር ግን፡

ህግደፍ ማለት ሓደ ሰብ'ዩ ኢሳያስ

ካቢነ-ሚኒስተራት ማለት ሓደ'ዩ ኢሳያስ

ኣማሓደርቲ ማለት ሓደ'ዩ ኢሳያስ

ሕጊ ማለት ሓደ'ዩ ኢሳያስ

ዳኛ ማለት ሓደ'ዩ ኢሳያስ

ሓይልታት ምክልኻል ማለት ሓደ'ዩ ኢሳያስ

ካልእ ኩሉ ኣብ ምሕረቱ ዝወደቐዩ የብሉን ፖለቲካዊ ትንፋስ።

ኣይኮነን ኢሳያስ ምስ ፈራሕ ጨካን ባህሪኡ

ብቑዕ ወዲ ህዝቢ እንተዝርከብ ክኒዮኡ

ንህዝቢ ኣንቂሑ ዘሰልፍ ኣብ ዙርያኡ

ልዕሊ ህዝቢ ክትሰርዖ ከቢድ'ዩ ዕዳኡ።

ህዝቢ ከም ህዝቢ ኣብ ሓደ ሰብ ከምልኽ

ሓርበኝነቱን ሃይማኖቱን ከም ልኻይ ክመክኽ

ሓቂ ቀቢርካ ንሰባት ብሓሶት ክትዕብልኽ

ፈጺሙ ኣይጥዕሙን ከም ህዝቢ ከም ታሪኽ።

ካብ ዛራ ማና

ብሓልዮት ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ ዝፍኖ፡ ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ 19-07-2017